# ኮሚሽነር ተስፋማርያም ትኽስተ ኣብ ለንደን፡

## እንደገና ዘማቲ ሃዋርያ

ኣቶ ተስፋማርያም ተኸስተ (ወዲ ባሻይ) ብሓምለ 2002 ኣቢሉ ኮሚሽነር ጉዳይ ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ኮይኑ ብፕረሲደንት ኤርትራ ተሸመ። ስዒቡ ኣብ ውሽጢ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ዓለም እናዞረ ንኤርትራውያን ኣኼባታት ከካይድ ድሕሪ ምጽንሑ፡ ሕጂ ድማ ኣብ ብሪጣንያ (ለንደን) ንዕለት 22/02/04 ኣኼባ ከካይድ ምኻኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብቲ ብኣዋጅ 121/2002 ዝፍለጥ ሰፊሩ ከምዘሎ፡ እቲ ኮሚሽን ድልድል ኣብ መንጎ ሃገረ ኤርትራን ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ኤርትርውያንን ንኽኸውን ዝዓለመ ኢዩ ይብል። ብፍላይ ኣብ ወፃኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ምስ መንግስቶም ኣብ ንግዲ፡ ወፍሪ፡ ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ሳይንስ፡ ባህሊ፡ ረዲኤት...ወዘተ ዝዋስእሉ መንገዲ ንምኽፋት ይኸውን። እዚ ኣዋጅ'ዚ ከም ዓቢ ታሪኻዊ ስጉምቲ ተወሲዱ፡ ድልየት ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ከምዘማልአ ይነግር። ዝገርም'ዩ!!!!

ካብቲ ገለ ስርሓት ቤት/ጽ ኮሚሽነር እዚ ዝስዕብ ይጥቀስ-

1. ሓበረታ ብዛዕባ ወፍሪ ንምሃብ፡
2. ሓልዮት መንግስቲ ኤርትራ እብ ልዕሊ ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ንምምሕያሽን፡ ካብ ዘየድሊ ቅድሚ ሕጂ ዘጋጥሞም ዝነበረ ጸገማት ንምግልጋሎምን፡
3. ምቹእ ኩነታት ብምፍጣር፡ ሰብኣዊ ዓቕሚ ኣብ ጥቕሚ ኣውዒልካ ጽኑዕ ርክብ ምምስራት፡
4. ብመንግስቲ ኤርትራ ዝወሃብ ኣገልግሎትን፡ ፖሊሲታቱን፡ ኣገባብን ኣተራጉማን ንኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ምንጻር፡
5. ፕሮጀክትታት ኣብ ምውሳን ዝሕግዝ ኣድላዪ ሓበረታ ንምሃብ፡
6. ኩሉ-መዳያዊ ጸገማት ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ምክትታልን ቀላሕታ ምሃብን፡
7. ምስ ሚኒስትሪታትን ወሃብቲ ሊቸንሳ ቤት/ጽሕፈታትን ኣረኻብን ኣሳላጥን ተራ ምጽዋት፡
8. ድልየት መንግስቲ ኤርትራ ሓዲስ መገዲ ብምትላም፡ ኻክልቲኡ ወገን ብዝጠቅም (ኤርትርውያን ኣብ ወጻኢን መንግስትን) ምውሳእ፡ ማለት ካብ ወፍሪ ጀሚርካ ክሳብ ክእለት ሰብን ፍልጠትን ምልውዋጥ።

ብተወሳኺው'ን እዚ ዝስዕብ ሓሳባት ይጠቅስ -

ሀ. ቤት/ጽ ኮሚሽነር ኣብ ኢምባሲታትን ቆንስላትን ኤርትራ ወካሊ ይሃልዎ እምበር፡ ናታቶም ስራሕ ኣይትክእን ይብል፡
ለ. ኮሚሽን ኣብ ስራሓቱ ተዓጻጻፊ ክኸውን ኢዩ ይብል፡
ሐ. ዝተማእከለ ሓበረታ ብዛዕባ ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ክምዝገብ ምኻኑ ይገልጽ፡
መ. መንግስቲ ኤርትራ ቅድሚ ሕጂ ዝተገብረ ጌጋ ከይድገም ጻዕሪ ከካይድ ኢዩ ይብል፡

ሰ. ዝኾነ ማሕበረ-ኮም ኤርትራ፣ ፍሉይ ጸገማቱን ጠለቡን ኣለልዩ ንኮሚሽነር ከቕርብ ይዕደም ይብል፣

ኣብ መወዳእታ እዚ ኣዋጅ'ዚ ከምዚ ይብል፣ ' እዚ ኣዋጅ'ዚ ሓድሽ ምዕራፍ ናይ ርክብ ኣብ መንጎ ሃገረ ኤርትራን ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ኤርትራውያንን ዝኸፍት ኣፍደገ ኢዩ' ይብል።

ግርም! ናይዚ ኣብ ላዕሊ ዝተዋህበ ዝርዝር ምኽንያት፣ ነቶም ኣብቲ ኣኼባ ክካፈሉ ዝሓሰቡ ኤርትራውያን፣ ተቐሪቦም ንክኸዱን፣ ንቕድሚ ሕጂ ዝፈሸለ ፖሊሲ መዓር ለኺኻ ናይ መምጸዪ ሓዲሽ ሜላ ንምትግባር ምኻኑ ንምርዳእን፣ ንኮሚሽነር ድማ ብሰፊሑ ክሓትዎን ክብድህዎን፣ ነቲ ተዓጢቑሉ ዝመጸ ምድንጋር ንከፍሽልዎ ንምሕጋዝ ተባሂሉ ኢዩ።

እቲ ዝድለ ዘሎ ጥዕና ዘለዎ ርክብ ንምምስራት ካብ ኮነ፣ ማሕበርናን እቲ ዝበዝሔ ኣካል ሕብረተሰብናን እዘን ዝስዕባ ጠለባት ኣለዎ። ካብኣተን ንምጥቃስ፥

1. ብቕዋም ዝግዛእ፣ ስርዓተ ሕጊ ዝፈልጥ፣ መሰል ህዝቡ ዘኽብር ህዝቢ ዝመረጾ መንግስቲ ኽኽምስረት፥
2. ነጻ ቤት ፍርዲን ነጻ ፕረስን ኽኽህልዉ፣ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ድማ ኽኽፈርስ፥
3. መንእሰያት ካብ ፎቖዶ በረኻታት ተመሊሶም፣ ናብሮኦም ኽኽመርሑ፥
4. መሬት ንሰብ ዶላር ጥራይ ከይኮነ ኽኹሉ ወዲ ሃገር ብፍትሓዊን ሕጋውን ኣገባብ ኽኽዕደል፥
5. ብዘይ መስርሕ ሕጊ ተኣሲሮም ዘለዉ ኩሎም ንክፍትሑ፥
6. እቶም ብስልጣን ሰኺሮም ንህዝቢ ዘበሳብሱ ዘለዉ ናብ ሕጊ ኽኽቀርቡ፥

ዝብላ ይርከበኣን። መልሲ ኮሚሽነር እንታይ ኮን ይኸውን?

ኤርትርውያን ንሰብኣውን ደሞክራሲያውን መሰላት- ዓባይ ብሪጣንያ፣ በዚ ኣጋጣሚ ንክቡር ኮሚሽነር ተስፋማራም ተኸስተ፣ ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ምዕሻውን ምትላልን፣ ስክፍታን ጥርዓንን ሕማምን ህዝቢ ምስማዕ ከምዝሓይሽ ከነዘኻኽሮ ንፈቱ። ከመይ መንግስቲ ኣገልጋሊ ህዝቢ እምበር ዋና ህዝቢ ስለዘይኮነ።

ቦርድ ኤርትራውያን ንሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት-ዓባይ ብሪጣንያ።